ትካልና መስፍን ብረታ ብረት እና ኢንጂነሪንግ ሓላ/ዝተ/ው/ማሕበር ኣብ ታሕቲ ካብ ተራ ቁፅሪ 01 ክሳብ ቁፅሪ 11 ዝተጠቕሱ ዝተፈላለዩ ዓይነትታት ንብረታት ብግልፂ ጨረታ(Open Bid) ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለዝደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ መጋቢት 17, 2018 (ቅድሚ 8 ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሚያዝያ 7, 2018 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:80000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:300.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሚያዝያ 7, 2018 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኮንስትራክሽን ማሽነሪን ኣቁሑትን/ ኤሌክትሪካልን መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ኤሌክትሮ-መካኒክስ ኣቁሑትን ግልጋሎትን/ መለዋወጢ ኣቁሑት መኪና/

ምልክታ ጨረታ

ትካልና መስፍን ብረታ ብረት እና ኢንጂነሪንግ ሓላ/ዝተ/ው/ማሕበር ኣብ ታሕቲ ካብ ተራ ቁፅሪ 01 ክሳብ ቁፅሪ 11 ዝተጠቕሱ ዝተፈላለዩ ዓይነትታት ንብረታት ብግልፂ ጨረታ(Open Bid) ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለዝደሊ በቲ ዘርፊ ፍቃድ ዘለኩም ሕጋዊ ነጋዶ ኣብ ንታሕቲ ዝተዘርዘሩ መዐቕኒታት መሰረት ኣብዚ ጨረታ ንክትሳተፉ ትካልና ይዕድም ።

ሰደቓ :- 01 ፣ ዝግዛእ ንብረት ዝርዝር

ተ.ቁ	ዝርዝር ዓይነት	መለኪዒ	በዝሒ	ናይ ሓደ ዋጋ	ጠቕላላ ዋጋ	መብርሂ
1	Torch 2.510.014 AS400 mt4 euro	PIECES	100.00			
2	Nozzle 2,599,007	PIECES	100.00			
3	Nozzle 2,599,008	PIECES	100.00			
4	Tip 2.599,214,d1.0 CU	PIECES	500.00			
5	Tip 2,599,215 d1.2 CU	PIECES	500.00			መርኣያ (Sample) ትካልና ዝቐረበ መሰረት ዝግዛእ ይኸውን ።
6	Diffuser gas with rings 2,599.230 S400	PIECES	1,000.00			
7	Body Torch 2,599.197 AS400	PIECES	25.00			
8	Terminal euro 2,599.145 AS300	PIECES	10.00			
9	4MT Steel liner Wires 10/1,2599.064	PIECES	50.00			
10	PIECES		50.00			
11	Terminal Euro	PIECES	10.00			
					Total in Birr	
					VAT 15%	
					Total in Birr with Vat	

ናይ ጨረታ ረቓሒን ኩነታትን

1. ናይ'ዚ ጨረታ ተሳታፊ ናይ 2018 ዓ.ም በቲ ዘርፊ ዝተሓደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፈቓድ ከቅርብ ዝኽእል ክኸውን ኣለዎ ፣

2. ተጫረትቲ ዝተሓደሰ ንግድ ፈቓድ፣ንግዲ ምዝገባ ምስክር ወረቐት፣ግብሪ ከፋሊ ምዝገባ ወረቀትን ተጨማሪ እሴት ታክስ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ተመዝጋቢ ምኺኖም ዝገልፅን ናይ ወርሒ የካቲት 2018 ዓ.ም ቫት ዝኽፈሉሉን ካልኦት ኣድለይቲ ሰነዳት ብምምላእ ፣ ኩሉ ጊዜ ብስራሕ ሰዓት ብር 300.00 (ሰለስተ ሚእቲ) ብምክፋል ካብ ዋና ቤት ፅሕፈት ኮርፖሬት ዕደጋ ክፍሊ ናይ ጨረታ ዶክመንት (ሰነድ) ካብ ዕለት 18/07/2018 ዓ.ም ጀሚሩ ክሳብ 07/08/2018 ዓ.ም ሰዓት 4:00 ክወስዱ ይኽእሉ ።

3. ተጫረቲ ናይ ጨረታ ሰነድ ነዚ ተባሂሉ ኣብ ትካልና ኮርፖሬት ዕደጋ ዝተዳለወ ጨረታ ሳንዱቅ ኩሉ ጊዜ ካብ ዕለት 18/07/2018 ዓ.ም ክሳብ 07/08/202 ዓ.ም ሰዓት 4:00 ብኣካል እና ቐረቡ ናብ ጨረታ ሳንዱቅ ክእቱዉ ኣለዎም ።

4. ተጫረቲ ናይ ጨረታ መኽበሪ ብሲፒኦ(CPO) ብር 80000.00 (ሰማንያ ሽሕ ብር)ምስ ጨረታ ዶክመንት አተሓሒዞም ከእትዉ ይግባእ።

5. ጨረታ ዕለት 07/08/2018 ዓ.ም ሰዓት 4:00 ንጉሆ ተዓፅዩ ብተመሳሳሊ ዕለት ሰዓት 4:30 ድሌት ዘለዎም ተጫረቲ ወይም ወከልቶም ኣብ ዘለውዎ ይኽፈት፡ ናይ ጨረታ ዶክመንት እንተተማሊኡ ተጫረቲ ኣብ መኽፈቲ እንተዘይተረኽቡ እውን እቲ ጨረታ ዝኸፈት ይኸዉን።

6. ተጫረቲ ኣብ ናይ ካሊእ ተጫራታይ ዋጋ ተደሪኾም ዋጋ ምእታው ኣይካኣልን። ጨረታ ዶክመንት ንሕድሕድ ገፅ ማህተምን ፊርማን ናይ ተጫራታይ ክዓርፎ ኣለዎ። ኣብ ጨረታ ሳንዱቕ ዝኣተወ ፖስታ ብምለሱለይ ብምንም መልክዑ ክምለስ ኣይከኣልን።

7. ተጫረቲ ዘቕረብዎ ዋጋ ኣብ ዋጋ መቕረቢ ሰነድ ኩነታት ቫት ብግልፂ ዝሓወሰ ወይ ዘይሓወሰ ምኺኑ ክጠቕሱ ይግባእ። እንተዘይተጠቒሱ ግና እቲ ዘቕረብዎ ዋጋ ቫት ከምዝሓወሰ ተገይሩ

ይሕሰብ።

8. ተጫረትቲ ዘቕርብም ዋጋ ምስ ትራንስፖርት ዝሓወሰን ክኸውን ኣለዎ ፤ መረካኽቢ ቦታ ድማ

መቐለ መስፍን ዋና ቢሮ ይኸውን።

9. ተጫረቲ እቲ ዘቕረብዎ ዋጋ ፀኒዑ ዝፀንሓሉ ግዜ (Price Validity) ብግልፂ ከቐምጡ ይግባእ።

10. ተጫረቲ ኣብ ቕድመ ኩነታት ዝተመስረተ ዋጋ እንተመሊኦም ዘቕረብዎ ዋጋ ተቐባልነት የብሉን፤ ናይ ተጫረቲ ድምርን ካልኦት ጌጋታት እንተሃልዩ ተጫራታይ ሓላፍነት ይወስድ። ትካልና ናይ ተጫረታይ ስልሒት ጌጋታት ናይ ምእራም ሓላፍነት የብሉን።

11. ተጫረቲ ዘእትውዎ ዋጋ ስርዝ ድልዝ፣ ናይ ስልሒትን ድምርን ጌጋ እንተሃልዩ ናብ ውድድር ኣይቐርብን።

12. ሰዓሪ ተጫራቲ ምስዓሮም ምስ ተነገሮም ኣብ ዉሽጢ 3ተ መዓልቲ ዉዕሊ ክኣስሩ ይግባእ፣ እንተዘይኮይኑ ግና ንመክበሪ ጨረታ ዘትሐዝዎ ሲፒኦ(CPO) ንትካል ኣታዊ ኮይኑ ትካል ካሊእ መማረፂ ይወስድ።

13. ናይዚ ጨረታ ሰዓራይ ናይ ዉዕሊ መኽበሪ (Unconditional Performance Guarantee) ንኣርባዓን ሓሙሽተን(45) መዓልቲ ዝፀንሕ ናይ ጠቕላላ ዋጋ 10% ብCPO ከትሕዙ ይግባእ። ሰዓራይ ተጫረታይ ዝሰዓሮ ንብረት ኣብ 20(ዒስራ) መዓልቲ ከቕርብ ኣለዎ። እንተዘይኾይኑ ግና ንውዕሊ መኽበሪ Performance Guarantee ዘትሓዝዎ 10% ናብ ትካል ኣታዊ ኾይኑ ትካል ኻሊእ መማረፂ ይወስድ።

14. ተጫራታይ ዝሰዓሮ ንብረት ብናይ ትካልና ባዓል ሞያ ተራእዩ ተቐባልነት ምስ ረኸበ ርክክብ ይፍፀም።

15. ተጫረቲ ናይ ዝሰዓርዎ ንብረት መርኣያ (Sample) ናይ ምቕራብ ግዴታ ኣለዎ:: ዘቕረብዎ መርኣያ ተቐባልነት ምስረኸበ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ክፍሊት ዝምልከት ድማ እቲ ናይ ንብረት ርክክብ ምስተገበረ ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ(5*) መዓልቲ ዝፍፀም ይኸውን።

16. ትካልና እቲ ጨረታ ብምሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ንዝበለፀ ሓበሬታ፡

ሓበሬታ ክረኽቡ ይኽእሉ ወይም ብስ.ቁ 0914708567/0928477465 ክድዉሉ ይኽእሉ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle